## ርእሲ-ዓንቀጽ

# ተፋላሊኻ ብዛዕባ ኤርትራ እናቼዘምካ ባህርያዊ ሞት ምጽባይዶ ይሓይሽ ወይስ ጌጋታትካ ገምጊምካን ተጠርኒፍካን ንመጻኢ ምሕሳብ?

ብሓልዮት መጽናዕትን ምርምርን ጉጅለ ደቀባት-ኤርትራ 08 ጥሪ 2009 ዓ.ም.

ህዝቢ ኤርትራ ንነጻነቱን ክብሩን ኢሉ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ብምኽፋል: ንጸላኢኡ ስዒሩዎ እዩ። ንሃገሩ ኤርትራ ከኣ ምስ ባሕራን መሬታን: ካብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነጻ ኣውጺኡዋ'ዩ። ዘይሕከኽ ታሪኽ ድማ ኣብ ዓለም ኣመዝጊቡ'ዩ። ብፍላይ ገዳይም መራሕቲ ሰራዊትን ካድረታትን: ከምኡውን ላዕለዎት ሓለፍቲ ሰበ-ስልጣናትን ጀነራላትን: ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን: ብሓፈሻ ድማ ህዝቢ ኤርትራን ግን: ድሕሪ ነጻነት እንታይ ዓይነት መንግስቲ ከምዝትትከል ኣይተዳለወሉን። መኸንያቱ ከኣ ኣብ ልዕሊ'ቶም መራሕቱ ምቍጽጻር ከይገበረ: ብግርህነት ኣሚኑ ደድሕሪኦም ስለዝሰዓበ'ዩ። ብኣንጻሩ ግን ህ.ግ.ሓ.ኤ. ቅድሚ ነስመራ ምእታዉን ስልጣን ምሓዙን: ኣብ ውሽጢ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ሓደ ስዉር ኣጀንዳ ዝነበሮ ጉጅለ: ነዚ ሕጂ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ብዓመጽ ዝገዝእ ዘሎ ስልርዓት ንምትግባር: ብመደብ ተዳልዩሉ ጸኒሑ'ዩ። ከም ኣብነት ንምጥቃስ ብመሃንድስ ኢሰያስን ደቀ-መዛምርቱ ከም ብዓል የማነ ማንኪን ክሻን ናይዝጊ ክፍሉን..ወዘተ..ዓላማን መደባትን መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ድሮ ሓንጺጾም ተዳልዮምሉ ጸኒሖም'ዮም። ብፍላይ ሰራዊት ኤርትራ ምስ ብዙሓት መራሕቱን: ህዝቢ ኤርትራን ግን ብዘይ ምርምርን ንቕሓትን ብገርህኛ እምነት ጥራይ ከየቕለበሎም ተሃሚሉ ግዳይ ኮይኑ'ዩ። ይኹን እንበር ኣብ ድሮ ረፈረንዶም ንውዲት ኢሰያስ ዘለለዩ ጀጋኑ: መብጽዓ ስውኣት ሕጂ ይተግበር ኢሎም ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶምዮም። ብረቂቕ ስለላዎ ስልቲ ግን ከምዘሰቅጡ ኮይኖም'ዮም።

ብድሕሪኡ ድማ እቲ ስዉር ኣጀንዳ ዝነበሮ ጉጅለ: ህዝብን ሰራዊትን ኣጸቢቑ ከየለለዮ ከሎ: ዛጊት ኣብ ስልጣን ድይብ ምስበለ: ተቐዳዲሙ መሓዉር ስለላን ቍጠባን ወኒኑ ኣንጻ ህዝብን ሰራዊትን ወፈራኡ ኣካይዱ። ንሱ ድማ ጽዑቕ ስለላዊ ሜላ እናተጠቐመ: ነተን ንህዝቢ ከላዕላ ዝኸእላ መስኖታት ክሓትመን ጀሚሩ። ጐኒ-ጐኒ ስለላዊ ወፍሩ ድማ ዘይፍጸም ተስፋታትን መብጽዓታትን: ብፕሮፓጋንዳ ማዕከናቱ እንዳፈነወ: ኣብ ክንዲ መሰረታዊ ሽግር ህዝቢ ዝፈትሕ: ንህዝቢ ንምድንጋር ዝኸፍኤ ጐራሕ ስልቲ ክጥቀም መሪጹ። ብስነ-ኣእምራዊ ፋሺስትነት እናተመርሐ ድማ: ነተን ንህዝቢ ዘደናግራ ቀመማት ምሂዙ: ብረቂቕ ስነ-ኣእምራዊ ወፍሪ ንህዝቢ ኤርትራ ክምርዞ ጀሚሩ።

ንኣብነት "ተጋደልቲ ዝነበሩ ብልሽውና ለሚዶም ዓንቂፎምና: መንግስቲ የመን ደሴታት ሓኒሽ መንጢሎምና: መንግስቲ ሱዳን መጃህዲን ፈኒዮምልና: መንግስቲ ጅቡቲ ተጻቢኣትና: ወያኔ ቀኒኦምልና": ዝብላ መርዚ ዘለወን መኸንያታት እንዳፈጠረ: ሽግር ህዝቢ ከይፈትሕ ሓሓደሽቲ ሽግራት እንወሰኸ ኣብ ሸንኰለል ኣትዩ። ነዘን ኵለን መኸንያታት ፈጢሩ ድማ ንህዝቢ ምስ ኩሎም ጐረባብቲ ሃገራት እንዳጻናፌቶ: ኣብ ውሽጢ ሃገር መሬት ህዝብን ገንዘብ ህዝብን ወኒኑ ላሕ ኣቢሉ ኣደንዚዙዎ። ነዚ ኩሉ እንዳፈጸመ ግን እቲ ህዝቢ ገና ካብቲ ሃገራዊ ኣምነቱ ከይወጸ: "ብዘይካ ብረት እንታይዶ ሒዞም ካብ በረኻ ኣትዮም'ዮም: እስከ ንጸበዮም" እናበለ ከይተቓወሞ ክሰዕቦ ጸኒሑ።

ኢሰያስ ግን ገና ነስመራ ከይኣተወ ከሎ ጥራይ: ብቢልዮናት ዝቝጸር ናይ ወጻኢ ባጤራ ኣብ ዝተፈላለያ ዓበይቲ ባንክታት ወጻኢ ሓቢኡዎ ኣትዩ'ዩ። ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዓላማን ተልእኾን ስለዘለዎ: ረቂቕ ስለላዊ ሜላ ብመደብ ተጠቒሙ "ገንዘብ የልቦን" ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻኢን ዘሎ'ኻ ወዲ ሃገር ቍርሲ ተጋደልቲ ምሳሕ ተጋደልት ክልተ ካብ ሚእቲ ኣንጻበለ: ክምዝምዞ ጀሚሩ። ብከም'ዚ ሜላ'ዚ ድማ ንህዝቢ ኤርትራ: ካብ ዝሓሰመ ኣብ ኣዝዩ ዘስካሕክሕ መነባብሮ ኣእትዩ: ነታ ነጻነት ፎእ ከምዝብላ ገይሩ ዘርምዘርሞ ኣትሪፉዎ ኣሎ። ነቲ ኩሉ ስዉር ፍጻሜታት ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ተንቲና ከነቕርቦ ግዜን ማዕከን ጽሑፍን ኣይኣኽለናን እዩ። ካብቶም መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዝፈጠሮም: ማእለያ ዘይብሎም: እሞ ከኣ ዳርጋ ኩሉ ሰብ ፈሊጡዎም ዘሎ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብተደጋጋሚ ዘውርዶም ዘሎ ክፉኣት ኢ-ሰብኣዊ ግፍዕታት: ብመጠኑ ክንጠቅስ ኢና።

ብኸፊል ነዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለው ምክትታል እኹል'ዩ።

1ይ) መንእሰያት ኣብ ከተማታት ኤርትራ ኣንተድኣ ተቐሚጦም: ነቲ ንሱ ዝፍጽሞ ዓመጻዊ ግፍዕታት ተቓዊሞም ተቓውሞ ከየልዕሉ: ካብ ማኣዲ ትምህርቶም ኣመዛቢሉ ንሕልፈታት ብኣርዑት ባርነት ተቘሪኖም: ንመጻኢ ህይወቶም ከይሓስቡ: "ሃገራዊ-ኣገልግሎት" ብዝብል ሜላ ኣብ ሳዋ ተዳጒኖም ክነብሩ ፈሪዱዎም።
እቲ መንግስቲ ነዚ ኣከይ-ፍጻሜት'ዚ እናፈጸመ ኣንከሎ ግን: ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዘሎ ህዝብን ሰራዊን እናርኣየን እናሰምዐን ከሎ ዓገብ ኣይበለን።

2ይ) ገዳይም መራሕቲ ሰውራን ሚንስተራትን ጋዜጠኛታትን: ነቲ ስልትታቱ ስለዝፈለጡዎ: ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንኽግበር ስለዝጠለቡ ኣሲሩዎምን ቀንጺሉዎምን። ኣካለ-ስንኩላን ንመሰል ህዝብን ንመሰሎምን ሰላማዊ ሰልፊ ምስ ገበሩ ብጥይት ቈልዩዎም።
እቲ መንግስቲ ነዚ ነዚ ገበን'ዚ እናፈጸመ ኣንከሎ ግን: ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዘሎ ህዝብን ሰራዊን እናርኣየን እናሰምዐን ክቃወም ኣይተበገሰን።

3ይ). ሓያል ውሕጅ ኣንቃኣሪሩ ይውሕጅ ከምዝብሃል: ስርዓት-ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ንደቆም ባዕሉ ገፊፉ ከብቅዕ: ነቶም ካብ ኢዱ ዝመለቑዎ መንእሰያት. ኣብ ወለዶም ተሰልቢጡ: "ወለዲ ደቕኹም ንስደት ኣህዲምኩም" እናበለ: ኣደዳ መቕጻዕትን ማእሰርትን ገይሩ: ክብረቶም ቀንጢጡ ንኣብያት-ማእሰርቲ ኣስፊሩዎም።
እቲ መንግስቲ ነዚ ገበን'ዚ እናፈጸመ ኣንከሎ ግን: ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዘሎ ህዝብን ሰራዊን እናርኣየን እናሰምዐን ዓገብ ክብል ኣይተራእየን።

4ይ).መራሕቲ ሃይማኖትን መማህራንን ብዘይ-ፍርዲ ተሓይሮምን ተመቑሒምን ክሳቐዩ ከለው: እቲ መንግስቲ ነዚ ኣብ ታሪኽ ገዛእቲ መንግስታት ተፈጺሙ ዘይፈልጥ: ገበን ብወዲ-ሃገር መንግስቲ ክፍጽም ኣናርእዩዎ: ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዘሎ ህዝብን ሰራዊን ክቃወም ኣይተራእየን።

5ይ). ህዝቢ ብኸብዱ ተታሒዙ ኣብ ነንሓድሕዱ ምትእምማን ኣጥፊኡ: ብፈላሊልኻ ግዛእ ተቐይዱ ከርፉሕ ናብራ እንዳ-ኣሕለፈ ከሎ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዘሎ ህዝብን ሰራዊን ኣይተላዕለን።

6ይ).ኣብ ታሪኽ ሃገርናን ህዝብናን ተራእዩ ዘይፈልጥ ኣንጻር ባህልናን ልምድናን: ክቡር ሃይማኖትናን ብልሽውና ዓመጽን ኣትዩዎ ከሎ: ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዘሎ ህዝብን ሰራዊን ክዓግቶ ኣይከኣለን።

7ይ). መሰል ዋንነት መሬት ዜጋታት ተገቢቱ: መሳርሒ ዲክታቶርያዊ ሃሱሳት ሰብ-ስልጣናት ኢ.-ህ.ግ.ዲ.ፍ. ኰይኑ ከሎ: ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዘሎ ህዝብን ሰራዊን ሕጂስ ይኣክል ኣይበለን።

8ይ).ሓረስቶት ዘፍረይዎ ማእቶት ንኽይሸጡን ከይልውጡን: ብዋርድያታት ኢሰያስ ተኣጊዶም: ካብተን ቀኑብ-ቀኑራቦ እቶቶም ንስርዓት ህግደፍ ንኽረክቡ እንዳተቐሰቡ ክለው: ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዘሎ ህዝብን ሰራዊን ግን ግደፍ ኣይበለን።

9ይ).ህዝቢ ብሰንኪ ሕጽረት መግቢ ብጥምየት ዓጸቦን ተሳቒዩ: ህጹጽ ረዲኤት ኣብ ዝጽበየሉ ዘሎ እዋን: ስርዓት ህግደፍ ንኹሉ ሰብኣዊ ረዲኤት ንኽይኣቱ ከልኪሉ: ብኣንጻሩ ግን ዋጋ ረድኤት ብጥረ ገንዘብ ተዋሂቡዎ: ኣብ ካሳኡ ክኽዝኖ ከሎ: ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዘሎ ህዝብን ሰራዊን "ሕጂስ ይኣክል!" ኣይበለን።

10ይ). ስርዓ ህግደፍ ባዕሉ ዝፈጠሮ ሓደገኛ ምትኽታኽ: ጥቡቕ ዝምድናታት ምስ ገበረ-ሽበራን እኽረርቲ ሃይማኖት ዝብሃሉን ተላፊኑ: ሃገራዊን ህዝባዊን ሓላፍነቱ ረሲዑ ኣብ ሸንኮለል ጥሒሉ ከሎ: ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዘሎ ህዝብን ሰራዊን ዓገብ ክብል ኣይተራእየን። እቲ ተቓዋሚ ሓይሊ ዝብሃል ድማ ብውህደት ብሓደ መሪሕነት ተማእኪሉ ኣብ ሕቡራት መንግስታትን ኤውሮጳ-ሕብረትን ከቃልዖ ኣይበቕዐን።

11.) እታ ሃገር ነጻ ወጺኣ ተባሂሉ ካብ ዝንገረላ እንሆ *18* ዓመታት ሓሊፉ። እቲ ህዝቢ ግን ኣብ ዲኞ ዝበለ ባርነት ኣትዩ ከምዘሎ ንኹሉ ዓለም በሪሁ'ዩ። እቲ ሰራዊትን: ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዘሎ ህዝብን ግን: ነቲ ብመንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዝፍጸም ዘሎ ስልታዊ መግዛእቲ: ተረዲኡን ገምጊሙን: ተጠርኒፉ ክቃወም ኣብ ክንዲ ዝጅምር: ክሳብ ሎሚ ተፋላልዩን ርዒዱን ግዳይ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ኮይኑ: እናቐዘመን እናተራገመን ይሕልፎ ኣሎ።

## <u>ፍታሕ</u>

ኣብ መዋእል ደርግን ንጉስ ሃይለስላሴን: ህዝቢ ኤርትራ ብረት ኣልዒሉ'ዩ መኪቱ እምበር: ኣንጻር ጥቕሙ ተፋላልዩ ኣይኮነን እናቔዘመን እናተራገመን ንባህርያዊ ሞት ተጸቢዩ። ስለዚ እቲ ፍታሕ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ: ኣብ ወጻኢ ዘሎ ይኹን ኣብ ውሽጢ: እቲ ብዘይ ደሞዝ ዝግዛእ ዘሎ መላእ ሰራዊት ይኹን ተቓዋሚ እየ ብሃላይ: ብዘይንሕስያ ጃምላዊ ጥፍኣት ይጽበዮ ስለዘሎ: ዝሓለፈ ተመክሮታቱ ገምጊሙ ተጠርኒፉ ንመጻኢ ክሓስብ እዋኑ ይጠልቦ ኣሎ። ሓደ ወድ-ሰብ ሞይቱ ኣብ ጉድጓድ ክኣቱ ከሎ ንበይኑ'ዩ ዝቕበር። ስለዚ ነብሲ-ወከፍ ወዲ ሃገር ንመሰሉን ንመንነቱን ክብል ቅድም ነፍሱ-ፌቲሹ ሕድገታት ክገብር ክቕረብ ኣሎዎ። ብድሕሪኡ ምስ ካልኦት ደቂ ሃገር ተቓራሪቡን ተጠርኒፉን ንኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ ብሓባርን ብፍልጠትን ክምክቶ ክብገስ ኣለዎ። ነብሱ ከየለለየ መንግስቲ ኢሰያስ ከምዚ ፈጠረ: ተቓውሞ ሓይልታት ከምቲ ገበሩ እናበልካ ተጸባያይ ጥራይ ምኳን: ግዜኻ ንኸንቱ ምሕላፍ ግን ዓገብ'ዩ። ተፋላሊና ብዛዕባ ኤርትራ እናቔዘምና ባህርያዊ ሞት ካብ ምጽባይ: ነብስና ፈቲሽና: ጸላእትና ኣለሊና: መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዝፍጽሞም ዘሎ ፍጻሜታት ብንቕሓት ተኸታቲልናን ገምጊምናን: ብውህደት ንመጻኢ ህላዌ ህዝብናን ነብስናን ክንሓስብ እዋኑ ኣኺሉ'ዩ። ነዚ ምስ ዘይንገብር ግን ብፍላጥ ድዩ በዘይ ፍላጥ: ብቐጥታ ድዩ ብተዘዋዋሪ: ንስርዓት ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ንድግፎ ኣሎና ማለት'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ብነብሱ ተኣማሚኑ: ካብ ግርህነትን ኣብ ውልቀ-ሰብ ምእማንን ነጻ እንተድኣ ውጺኡ: ጸላኢኡን ፈታዊኡን ንኽፈልጥ ኣይክጽግሞን'ዩ። ጸላኢኡ ዘለለየ ህዝቢ ድማ ኩሉ ግዜ እዩ ዝዕወት።

ዓወት ንገርህኛ ህዝቢ ኤርትራ!

መጽናዕትን ምርምርን ጉጅለ ደቀባት 08 ጥሪ 2009 ዓ.ም.